**ዜና ጥቅምቲ 22፡ 2007**

**ምስ ፈተነ ቕትለት ስምኦን ገብረድንግል ዝተተሓሓዘ፡ ኣብ ኤርትራ ናይ ማእሰርትን ቅትለትን ፍጻመታት ይርአ ኣሎ።**

ኣብ ዝሓለፉ ቅሩብ መዓልታት ኣብ ኤርትራ ምስ ፈተነ ቕትለት በዓል ስልጣን ሃገራዊ ድሕነት ስምኦን ገብረድንግል፡ ምትእስሳር ኣለዎም ዝተባህሉ ውልቀ ሰባት ናይ ማእሰርትን ካብኡ ሓሊፉ ውን ናይ ቅትለት ስጉምትታን ይውሰድ ኣሎ ክብል ሰልፊ ዲሞክራሲ ኣብ መርበብ ሓበሬትኡ ኣብ ዘውጸኦ ሓበሬታ ይገልጽ።

እቲ ዜና፡እቲ ምስቲ ቕትለት ሕብረት ኣለዎ ዝበሃል ዝነበረ ነጋዳይ ሳምሶን ወዲ ቐሺ ድሕሪ ቅሩብ መዓልታት ኣብ ዞባ ደቡብ ጥቓ ገዳም ማይ ምነ ዝተባህለ ቦታ ከምዝተረኽበን ንዕኡን ንኻልኦት ምስኡ ዝነበሩ 3ን ኣብ ዝተኽፍተሎም ቶኽሲ ከምዝተቐትለን፡እቶም ምስኡ ዝነበሩ ማለት፡መራሒ መኪናን፡ ቦዲ ጋርድን ናይ ውጩን ዝርከብዎም ናብ ቤት ማእሰርቲ ኸም ዝተወስዱን ይሕብር።

ብዘይካዚ ብዙሓት ላዕለዎት ሰብ መዓርግ ፖሊስን ምስቲ ፈተነ ቕትለት ርክብ ኣለዎም ተባሂሎም ዝጥረጠሩን ካልኦት ዜጋታትን ኣብ ቀይዲ ኣትዮም ኣለዉ፡ኣብዚ እዋን እዚ ድማ ተፍትሽን ምቁጽጻርን ይበዝሕ ከም ዘሎ እቲ ሓበሬታ የብርህ።

## ንልዕሊ ኽልተ ዓመት ኣብ ቤት ማእሰርቲ ዝጸንሐት ናይ ወንጌል ዘማሪት ሄለን ኣብ ዴንማርክ ትርከብ

ኤርትራዊ ማእከል ምርምርን ስነዳን ኣምስተርዳም ነዘርላንድ ከምዝሓበሮ፡ እታ ንነዊሕ እዋን ኣብ ማይ ስርዋ ዝተባህለ ቤት ማእሰርቲ ከባቢ ኣስመራ ዝጸንሐት ናይ ወንጌል ዘማሪት ሄለን ብርሃነ ኣብ ዴንማርክ ኣትያ'ላ ኽብል ።

እቲ ሓበሬታ፡ሂለን ብርሃነ ካብ ኣስመራ ተወሲዳ ልዕሊ 2 ዓመት ከምዝተኣሰረትን ብዝወረዳ ተደጋጋሚ ማህረምቲ ከቢድ ናይ ነርቭ ማህሰይቲ ኣጋጢሙዋ ንነዊሕ ግዜ ዝጸንሕ ናይ ምንቅስቓስ ሽግር ከምዘስዓበላ ይዛረብ።

ሂለን ብሓደ ዘብዐኛ ቤት ማእሰርቲ ብኸቢድ ተቐጥቂጣ ዳርጋ ሞይታ ኸምዝነበረትን በዚ ምኽንያት ድማ ኣብ ጥቅምቲ 2006 ናብ ሆስፒታል ከምዝተወሰደትን ካብዚ እዋን ንደሓር ኣብ ሕማቕ ናይ ኣካላዊ ኩነታት ከምእትርከብን ኣብዚ ሕጂ እዋን ድማ ንምንቅስቓስ ዊልቸይር ከምትጥቀም እቲ ሓበሬታ የብርህ፡

ንሳ ኣብ ማይ ስርዋ መብዛሕትኡ እዋን ንበይና ኣብ ዕጹው ኮንተይነር ከምዘሕለፈቶ ብተወሳኺ እቲ ሓበሬታ የብርህ።

ኣብዚ ሕጂ እዋን ልዕሊ 2000 ኣመንቲ ክርስትና ብሰንኪ እምነቶምኣብ ዝተፈላለያ ቤት ማእሰርትታት ይርከቡ።